# ዝኽርታት ሓመድ ድበ ናደው

**ምቕሉል ጅግንነት ንምሕያልን ሓርበኛነት ንመጻኢ ወለዶ ንምውራስን ግን፡ እቲ ታሪኽ ኪንገር ግቡእ`ዩ።”**
**ፕረሲደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ**




ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብቕያታት ዝመልኦ ሕልፍ ዝበለ ተመክሮ ምዃኑ ንግንዘቦን ንደጋግሞን ኢና። ይኹን`ምበር፡ ዛጊት መሊእናስ ይትረፍ ብኣፈና`ውን ስለዘይተረኸናዮ እናሓደር ዝኸብድ ዓቢ ሸኽም ኰይኑና ምህላው ማዕረኡ ንግንዘቦን ንደጋግሞን ኢና። እቲ ጸገም እናተፈልጠ ይቕጽል ምህላው ኸኣ ብርግጽ ሓደ ስግንጢር ኩነት`ዩ። እዚ ቅያዊ ታሪኽ ጅግንነትን ሓርበኝነትን`ዚ፡ ነጋርን ጸሃፍን ሳኢኑ ዳርጋ ዓባስ ኰይኑ ምህላው እምበር ፍጹም ክምኽነን ክጽወርን ኣይክእልን።

እዚ ስግንጢር`ዚ ከይተፈትሐ ክቕጽል ምግዳፉ፡ ስግር ሃላፍነት ምዝንጋዕ፡ ንታሪኽና፡ ንታሪኽ ሰማእታትና፡ ነቲ ኩሉ ዘይተነግረ ቅያታቱን ጅግንነቱን፡ ተወፋይነቱን እምነቱን፡ ዝደረኾን ዝጸሮን ንጹህ ሕልናን ኣተሓሳስባን ምብዳል`ዩ። ታሪኽና ምብዳል ከኣ ንነብስናን መጻኢ ወለዶታትናን ምብዳል ስለዝኾነ መዘዙ ብዙሕን ነባርን`ዩ። ስለዚ፡ ንታሪኽና፡ ምስቲ ኩሉ ሓይሉን ህያውነቱን፡ ዕብየቱን ድምቀቱን፡ ስፍሓቱን ዕምቈቱን፡ ክንትርኾ፡ ክንገልጾ፡ ክንርዳኦ፡ ከነመሓላልፎ ግድን ክንፍጽሞ ዘለና ህጹጽ ሃገራዊ ሓላፍነት`ዩ። ህዝቢ ኤርትራን ጀጋኑ ደቁን ታሪኽ ክሰርሑ ዘይኣገሞም ዘይጸገሞም፡ ታሪኽ ክጽሕፉ ክእግሞም ኣይግባእን።

ኣብዚ ጉዳይ`ዚ፡ ፕረሲደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ 1996 ኣብ መቕድም “ኤርትራዊያን ኮማንዶ“ ከምዚ ዝስዕብ ጽሒፉ፣

“ወለዶታት ከይሓለፉ፡ ሰብ ብደውን ብህየቱን እንከሎ፡ መሰኻኽር ኣብ ዘይተሳእኑሉ፡ ህያውን ክውንን ታሪኽ፡ ሰኣን ደረስቲ ተደብዩ ከይተነግረ ምትራፍ`ኸ ምስ ምንታይ ክጽብጸብ ይኽእል? ህዝባዊ ግንባር፡ ይትረፍ ንዘይገበሮ ንዝገበር`ውን ኪዛረበሉ፡ ጃህራን ምንያትን ስልዝመስሎ፡ ምቕሉልነት ከም ልምሲ ኣማዕቢሉ`ዩ። እንሓንሳብ ንዝፈጸሞ ዓበይቲን ቀያን ነገራት ኣናኢሱ ስለ ዝርኢ ምንጋር`ውን ዘድሊ ኣይመስሎን። እዚ ልምዲ`ዚ ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ፡ ውልቃዊን ናይ እኩብን ስነኣእምሮኣዊ መልክዕ እናሓዘ ሰሲኑ፣ ናይ ብሓቂ ኸኣ፡ ሕድገታት ኪግበረሉ ዘይግባእ ያታ`ዩ። . . . ምቕሉል ጅግንነት ንምሕያልን ሓርበኝነት ንመጻኢ ወለዶ ንምውራስን ግን፡ እቲ ታሪኽ ኪንገር ግቡእ`ዩ።”

እምበኣርከስ፡ ብዘይ ወዓል-ሕደር፡ ንሃገራዊ ታሪኽናን ሃብታም ምንጪታቱን ክንብርብሮን ክንምርምሮን፡ ኣብኡ ተመርኲስና ኸኣ፡ ቅጺታት መጻሕፍቲ ታሪክ ክንጽሕፍ፡ ታሪኻዊ ልቢ-ወለዳት ክንደርስ፡ ድራማታትን ፊልሚታትን ክንሰርሕ፡ ኣብያተ-መዘክርን ሓወልቲታትን ክንሃንጽ፣ ከም ውጽኢቱ ኸኣ ብታሪኽ ገድልናን ስውኣትናን ክንሕበንን ታሪኽ ምስራሕ ክንቅጽልን ይግባእ።

እዚ ሎሚ ኣብ ብሩራዊ ኢዩቤል ምድምሳስ “እዚ ናደው”ን ሓርነት ኣፍዓበትን ዝሕተም ዘሎ መጽሓፍ ዝኽርታት እምበኣር፡ መጀመርታ ናይዚ በዲልናዮ ዘለና ዓቢ ሃገራዊ ዕዮ ክኸውን ንትስፎ። ቀላ`ኳ ኣዚና ደንጕና እንተሎና፡ ሕጂ`ውን ዓጸፋ ብምስራሕ ክንክሕስ ንኽእል ኢና።

*<u>ቃል ኣሕታሚ</u>*